Coptic Orthodox Patriarchate
His Holiness Pope Tawadros II
Pope of Alexandria and
Patriarch of the See of St. Mark
The Papal Center

بطريركية الأقباط الأرثوذكس
قداسة البابا الأنبا تواضروس الثاني
بابا الأسكندرية
وبطريرك الكرازة المرقسية
المقر البابوي

222 Ramses St., Abbaseya, Cairo, Egypt
222 شارع رمسيس ، العباسية ، القاهرة ، مصر

Tel: 024822580 Fax: 0235365880 email: office@popetawadros.org 0235365880 :فاكس 024822580 :تليفون

*Tigrinya – Resurrection 2024*

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ አሜን። ምሕረቱን ሣህሉን ካብ ሎሚ ክሳዕ ዘለዓለም ምሳና ይኹን፣ ኣሜን። ክርስቶስ ተንሥአ፡ በአማን ተንሥአ - ክርስቶስ ተንሢኡ'ዩ፡ ብሓቂ ተንሢኡ'ዩ። ዝተፈተኹም፡ በዓለ ትንሣኤ ምኽንያት ብምግባር፡ እንቋዕ ኣብጽሓኩም ክብል እፈቱ። ንኹላተን ኣብ መላእ ዓለም ማለት ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኤስያ፡ ኤውሮጳ፡ ሰሜን ኣመሪካ፡ ደቡብ ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያን ሀገረ ልዑል ኣምላኽ ዝኾነት ኢየሩሳሌምን ዝርከባ ቅብጣውያን ኣብያተ ክርስቲያንን ገዳማትን እንቋዕ ኣብጽሓኩም። ድኅሪ ዓቢይ ቅዱስ ጾም ምጻምና እነብዕሎ በዓል ስለ ዝኾነ፡ እንቋዕ ኣብጽሓና። እዚ ጾም'ዚ፡ ብኣኡ ዝተመላእናን ዝጸገብናን፡ ገዳማዊ ልምምድን መንፈሳዊ ሕይወትን ዝሓዘለ'ዩ።

ናብ ትንሣኤን ወጋሕታ ትንሣኤን እንተ ደኣ መጺና፡ ብዙኃት ምርኢታት'ዮም ኣብ ቅድሚ ዓይንና ዝቕጀሉ። ሓደ ካብዞም ተርእዮታት እዚኣቶም፡ ማርያማት ሽቶ ከወፍያ ከላዋ'ዩ። ንሳተን ግና፡ ነዚ እምኒ መን ከንከባልለልና'ዩ ብዝብል ሕቶ ተታኂዘን ነበራ። (ማር. 16፡3) እዚ ሕቶዚ በተን ማርያማት ጥራይ ዘይኰነስ ብኣና ኣብ ዕለታዊ ናብራናውን እተሓተተዩ። ብዛዕባ ብዙኅ ጉዳያትን ኲነታትን ኣብ ሕይወት ውልቅታትና፡ ምናልባት እምኒ ዓጊቱና ይነብር። እዚ እምኒ'ዚ፡ ኃጢኣት ክኸውን ይኽእል'ዩ። ትህኪት ወይ ኣመና ብስራሕ ምጽማድ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እቲ ወዲ ሰብ ባዕሉ፡ ወይ ከኣ፡ ቀዳምነትን ስርርዕ ዕዮን ክኸውን ይኽእል። እዚ እምኒ እዚ ደኣ መን ከንከባልነልና ኢዩ፧ እዚ እምኒ እዚ፡ ጸገማት ወዲ ሰብ ይውክል። መንዩ ይእለዮ፧ ብርግጽ፡ ማርያማት ደቀንስትዮ ኢየን። ኣብ ቅድሚ'ቲ ኣፈፊት መቓብር ዓጺዎ ዝነበረ ዓቢይ እምኒ ደው ምስ በላ፡ ነቲ እምኒ ከንከባልላኦ ኣይከኣላን። ጸገም ድማ የጋጥም ነበረ።

ኣብ ዕለታዊ መነባብሮና፡ ጸገማት የጋጡሙና ኢዮም። "ነቲ እምኒ መን ከንከራርዎ'ዩ" ዝብል ሕቶ ድማ ይለዓል። ነቲ ጸገም መን ይፍትሓዮ፧ ነቲ መሰናኽል መን ይእለዮ፧ ነቲ ዕፁው መንገዲኸ መን ይኽፈቶ፧ ብዛዕባ እቲ ኣብ ሉቃ.18፡18-32 ዘሎ ንኡሽቶ ወዲ ከዘኻኽረኩም እደሊ። እቲ ሃብታም ንኡሽቶ ወዲ፡ ናብ ክርስቶስ ቀሪቡ፡ "መንግሥቲ ኣምላኽ ክወርስሲ እንታይ ክገብር ኣሎኒ" ክብል ኣዝዩ ጽቡቕ ዝኾነ ሕቶ ሓተቶ። ብሓቂ! ዝድነቕ ሕቶ'ዩ። ንኡሽቶ ወዲ፡ ብዛዕባ ዘለዓለምነት ሓተተ! ክርስቶስ፡ ነተን ሕጋጋት ክኅልወን ከም ዘሎዎ ምስ ነገሮ፡ "ነዘን ኲላተንሲ ብንእስነተይ ኃልየየን ኢየ" በሎ። ንሱ ድማ "ሓደ ነገር ይተርፈካ" በሎ። እወ፡ ሓንቲ ስጉሚ ንቕድሚት ይተርፎ። እታ ሓንቲ ስጉሚት እንታይ ኢያ፧ ኪድ፡ ዘሎካ ኹሉ ሼጥካ ንድኻታት ሃብ። ኣብ ሰማይ ከኣ ሃብቲ ኽጸንሓካ ኢዩ። መስቀል ተሰኪምካ ድማ ሰዓበኒ" በሎ። መጽሓፍ ከም ዝብለና፡ እቲ ንኡሽተይ ወዲ፡ ጕህዩ ተመልሰ። (ሉቃ.18፡23) እምኒ ኣብ ቅድሚኡ ነበረ። ክሰግሮ ድማ ኣይተኻእሎን። ሃብቱ እምኒ ነበረ። ካልእ፡ ምሳሌ ፈሪሳውን ኣካብ ቀረጽን ከዘክረኩም እደሊ። (ሉቃ.18፡9-14) ክጽልዩ ምስ ኣተዉ፡ ነቲ ፈሪሳዊ ተመጻዳቕነቱ ኣብ ቅድሚኡ ደው በለ፣ ዝበለጸ ከም ዝኾነ ድማ ተሰምዖ። እቲ ተቐባል ቀረጽ እንከ ጽድቂ ጌሩ ወፀ። ምኽንያቱ፡ ሓንቲ ሓረግ ጥራይ በለ። ንሳ ኸኣ፡ "ኦ ኣምላኽ ንኣይ ንኃጥእ፡ መሓረኒ። (ሉቃ.18፡13) ነቲ እምኒ መን የንከራርወልና፧

እቲ ኻልኣይ ነጥቢ፡ ዋላ'ኳ እቲ ሕቶ ነተን ማርያማት እንተ ኣሕሰበንን ጸገም እንተ ጐነፈንን፣ እቲ ሓቂ ግና ንሰን ሰብ ትግሃትን ጽንዓትን ነበራ። እንታይ ድየን ዝገበራ፧ ምኡዝ ሽቶ ንባዕላተን ኣሰናድኣ። ነቲ ምኡዝ ሽቶ ከይደን ናብቲ ኣብ መስቀል ዝሞተ ሰብነት ክርስቶስ ክቕብእኦ፡ ጌና ብጊሓቱ ፀሓይ ክትበርቕ ከላ ድማ ከዳ። (ማር.16፥1) እቲ ዘሻቕለን ዝነበረ፡ ነቲ እምኒ መን ከንከራርወልና'ዩ ዝብል ነበረ። እዚ ሕቶ'ዚ ግና ኣይዓንቀጸንን። እኳ ደኣስ፡ ጽንዓተን ወልዐ። ክምህ ብዘይብል ተስፋን ነቕ ብዘይብል እምነትን ከኣ ነቲ ዘይተርፍ ኃለዋ። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ “ኣብ ኣገልግሎትኩም ኣይትተሃከዩ፡ ብመንፈስ ዝተቓጸልኩም ኩኑ፡ ንእግዚአብሔር ኣገልግሉ” ክብል ግርምቲ ዝኾነት ጥቕሲ ይነግረና። (ሮሜ 12፥11) ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ ብሉይ ኪዳን፡ ከምዚ ይብል፤ “ሃካይ፡ ነቲ ዝሃደኖ ኣይጠብሶን” (ምሳ. 12፥27) እዚ ማለት፡ ዓንቃሪቦ ቀሪብካ፡ ብዝግባእ እንተ ዘይኣጸዊድካያ፡ ዓሣ ኣይክትኅዝን ኢኻ። ኣብ ብሉይ ኪዳን፡ ነህምያ ኣብ ምርኮ እንከሎ ናብ ኅልናና ይመጽእ። መናድቕ ዓዱ ከም ዝዓነወን መዓጻጹ ብሓዊ ከም እተቓጸሉን ተነገሮ። ፍቓድ ንጉሥ ምስ ረኸበ ከኣ፡ ናብ ከተማኡ፡ ከተማ ኢየሩሳሌም ተመልሰ። ክሓንፃ ድማ ፈተነ። ዓቕሚ ግና ኣይነበሮን። ነቶም ኣብ ጥቓ መናድቓ ዝነበሩ ድማ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ቅድሚ ገዝኡ ዘሎ መንደቕ ክነድቕ ነገሮም። (ነህ. 3፥28) ብኸምዚ ድማ ክዓዩ ጀመሩ። ሓደ ብርቱዕ ኃይለ ቃል ድማ ሃቦም። ንሱ “ኣምላኽ ሰማይ ከቕንዓልና ኢዩ እሞ፡ ንሕና ባሮቱ ተንሢእና ክንዓዪ ኢና” ዝብል ነበረ። (ነህ.2፥0) እዚ ማለት፡ ዋላ'ኳ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ መናድቕ ዓንዩ፡ መዓጻጹ ብሓዊ ተቓጺሉ እንተ ነበረ፡ ተንሢእና እናክንዓዪ ዓወት ካብ ኣምላኽ ክንረክብ ኢና። ምናልባት'ውን እዚ ኣጋጣሚ'ዚ ምስተን ለባማት ደናግል ነበረ። (ማቴ. 25፥1-13) ኣበርቲዐን ዓየያ፡ ዘይቲ ኣዳለዋ፡ ቀንዴል ኣሰናድኣ። ንክርስቶስ ድማ ተጸበያ። ዋላ'ኳ ክርስቶስ መዓስ ከም ዝመጽእ እንተ ዘይፈለጣ፡ ነቒሐን ደኣ ተጸበያ።

እታ ቀዳማይቲ ስጉምቲ፡ ነቲ እምኒ መን የንከራርወልና፧ እዚ'ዩ ድማ እቲ መሰናኽል። እቲ ካልኣይ ስጉምቲ ድማ፡ ትግሃትን ጸዓትን'ዩ። እታ ሣልሰይቲ ስጉምቲ፡ እታ ብዛዕባ ምልዓል'ቲ እምኒ ኣዝያ ጽብቕቲ ስጉምቲ'ያ ኔራ። ክትሰርሕ ከላ፡ ኢድ ጐይታና ኢያ። ናብቲ መቓብር በጽሑ፡ እቲ እምኒ ድማ ተንከባሊሉ ረኺብዎ። (ማር.16፥4) በጃኻትኩም፡ ብዛዕባ ስምዒታቶም እስከ ሕሰቡ። ውሽጣዊ ሓጐሶም፡ ነቲ ጸገምን መሰናኽልን ወኪሉ ዝነበረ እምኒ ብኢየሱስ ክርስቶስ ምልዓሉን ንሱ ካብ ምዉታን ምትንሣኡን ነበረ። እቲ እምኒ ተንከባሊሉ፡ መቓብር ጥርኑ፡ ኢድ ኣምላኽ ኣብ ስራሕ ረኺብዋ። ስለዚ፡ ዝኾነ ጸገም ኣብ ዘጋጥመኩም፡ ኢድ ጐይታ ትዓዪ ከም ዘላ ፍለጡ። ሓደ ግዜ፡ ክልተ መዓልቲ ቅድሚ ትንሣኤ፡ መስቀል ኣብ ዕለተ ዓርቢ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ኣብ ዕፀ መስቀል ተሰቒሉ ከሎ፡ ኣብ የማኑን ጸጋሙን ሽፋቱ ነበሩ። እዚ፡ ንኣኡ ዝርእዮ ኵሎም ሽፋቱዮም ኢሎም ንኽሓስቡ እተገብረ ነበረ። እቲ የማናይ ሽፍታ ሠናይ ቃል ኣውስአ። ምናልባትውን ከም ዝመስለንሲ፡ መልሲ ኣይተጸበየን ኔሩ። “ኦ ጐይታ፡ ብመንግሥትኻ ኽትመጽእ ከሎኻ ዘክረኒ” በለ፣ እቲ ውፅኢት ከኣ፡ “ሎሚ ኣብ ገነት ምሳይ ኢኻ” ዝብል ነበረ። (ሉቃ. 23፥42-43) ክርስቶስ ምስኡ ምእንቲ ከተንሥኣና፡ ተንሥአ። በዚ ምኽንያት ድማ፡ መሰናኽል ወይ ጸገም ከጋጥመካ ከሎ፡ ኣበርቲዕካ ዕየን ቅኑዕ ኵንን። ኢድ ኣምላኽ ትሰርሕ ከም ዘላ ድማ ፍለጥ። እቲ ዝተረፈ፡ ብእምነትካን ተስፋኻን ዘደንቕ ውፅኢት ክኸውን ኢዩ።

ኣብዚ ክቡር በዓል እዚ፡ እንቋዕ ሓጐሰኩም እብል። ንኹላቶም መጥሮፖሊታን፡ ጳጳሳት፡ ቆሞሳት፡ ካህናት እንቋዕ ኣብጽሓኩም። ንኹልኻትኩም ዲያቆናት፡ ኣገልገልትን እንቋዕ ኣብጽሓኩም። ንኹላቶም ፈቓድኡ ዘሎዉ ግብጻውያን ስድራቤታት እንቋዕ ኣብጽሓኩም። ንኹሎም ወራዙትን ጕራዙትን፡ ሕፃናት እንቋዕ ኣብጽሓኩም። ካብ ሃገረ ግብጺ፡ መንበረ ጸባዖት ቅዱስ ማርቆስ ቅብጣዊት ቤተ ክርስቲያን ካይሮ ኰይነ፡ እንቋዕ ኣብጽሓኩም ክብል እፈቱ። ንኹላትኩም እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ዘሐጕስን ዝተባረኸን በዓል ክኾነልኩም፣ ፍስሓ ዝመልኦን ሽታ መንፈስ በዓል ትንሣኤ ዘለዎን ክኾነልኩም እምነ። ከምቲ ኣብ መዓልታዊ ጸሎትና

እናዘከርናን ብደስታ እነድመፅናን “ኣቱም ውሉደ ብርሃን፡ ምእንቲ ጐይታ ጻባዖት ክንውድሶ ተንሥኡ” እንብሎ፡ ደስታ ዝመልኦ ክኸውን እምነ። ክርስቶስ ተንሥአ፡ በአማን ተንሥአ - ክርስቶስ ተንሢኡ’ዩ። ብሓቂ ተንሢኡ’ዩ።

Tawadros II